# ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ
# ኣገደስቲ እዋናውያን ጉዳያት

## መእተዊ

ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ክረክብን፡ ኩሉ ዓቕሙ መነባብሮኡ ናብ ምምሕያሽ ከዋድድን ይደሊ ስለዘሎ፡

እዚ ኣቲናዮ ዘሎና ናይ መጨረሻታ መድረኽ ምስግጋር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ኣዝዩ ኣገዳሲ፡ ተነቃፊን ወሳኒን እዋን ብምዃኑ፡

ካብ ተመኩሮ ዓሰርተ ዓመታት ክንመሃርን፡ ኣብ ተመኩሮ ተመርኲስና ቅኑዕ ናይ መጻኢ ትልምን ኣንፈትን ክንሕንጽጽ ስለ ዘሎና፡ ኣንጻቱና ንዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቅልውላው፡ ብውድዓውነትን ብትብዓትን ብውሕሉልነትን ንጢምና ክንሰዕሮ፡ ስለዘሎና፡

ካብ ወረዳና ዘሎ ቅልውላው ንምውጻእን፡ ንሱ ካብ ዘኸተሎ ጸገማት ንምንጋፍን፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ናይ ዘሎ ኤርትራዊ ዓቕምን ጸጋታትን ብዝለዓለ ደረጃ ክሽትትን፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ውልቀሰባትን ምትሕግጋዝን ደገፍን ብዝበለጸ ኣድማዒ መገዲ ክንሕብን፡ ኣብ መዓላ ክንውዕልን፡ ስለዘሎናን፡ ንዕኡ ዝምችእ ኩነታትን ባይታታትን ክንጥጥሕ ስለዝግባእናን፡

ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናይ ሓደ ዘመን ሰንሰለታዊ መግዛእትን፡ ናይ ሰላሳ ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲን፡ ዚተመጠጠ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ናጽነታዊ ናይ መሰጋገሪ እዋንን፡ ንመጀመርያ ግዜ ከም ልኡላዊ ህዝቢ መጠን፡ ብመሰረት ሃገራዊ ቅዋሙን፡ ናይ ሰልፍታት ፖለቲካዊ ውድድር ዘፍቅድ ሃገራዊ ምርጫን፡ ቅዋማዊ ስርዓት ክምስርትን ስልጣን ኪረክብን ኪቀራረብ ስለዘለዎ፡

ብገለ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን፡ ካልኦት ሓርበኛታት ዜጋታትን፡ ንዝተላዕለ ናይ ምእራምን ለውጢን ሕቶታትን ርእይቶታትን፡ ካልእ ሕብርን ትርጉምን ኣውዲብካ፡ ኣብ ክንዲ ቅሉዕ ናይ ክትዕን ዘተን መድረኽ ምኽፋት፡ ህዝቢ ንምድንጋር፡ ናብ ምክፋእን ዘይሕጋዊን ዘይቅዋማዊን ስጉምቲታት ምውሳድ ምኽዳን፡ ይእመትን ምውጥዋጥ ይረኣን ስለዘሎ፡

ኣብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኮነ ኣብ ህዝቢ፡ ብዛዕባ ኣገደስቲ ኣርእስትታት ሃገራዊ ጉዳያት ናይ ርእይቶ ፍልልይ እንተሃሊዩ፡ ብሕዝብ፡ ብደሞክራሲያዊን ብሰላማዊ መገድን ጥራይ ክፍታሕ ዝኽእልን ዘለዎን ካብ ዝብል እምነትና ተበጊስና፡ ንዘተን ሰላማዊ ፍታሕን ጥራይ ንደፍእ ብምዃና፡

ትም ኢልካ ምርኣይና ኣሎና እናተባህለ ብዝተፈላለየ መገዲታት፡ እንተላይ ብናይ ካድረታት ቀጻሊ ዙርያ ኣኼባታት፡ ከሰርጽ ዝደለ ዝንባሌ ንምጋትን ርእይቶታትን ይትሓዝን፡ ኪውሰድ ንዚደለ ዘይሕጋዊ ስጉምቲታት ባይታ ምንጻፍ፡ ህዝቢ ንምድንጋርን ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ናብ ሓቀኛ ቅዋማዊ ስርዓት ንምዕንቃፍን ኩሉ ዘድሊ እኹልን ናይ ኩነት ፃዕሪ መመሳመሲ ኩነታት ይፍጠርን ስለዘሎ፡

ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቅልውላው (ቁጠባዊ/ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ድሕንነታዊ፡ ምምሕዳራዊ፡ ቅዋማዊ)፡ ብናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዕቱብ ተሳታፍነትን ብምሉእ ሓላፍነታዊ መንፈስን ብሓጋን እንተዘይተጸዊዑ፡ ኣይፍታሕን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ሓደገኛ ኩነታት ከም ዘምርሕ፡ ብኡ ኣቢሉውን ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ኪዕንቅፍ ከምዝኽእል ስለዝረኣናዮ፡

ንሕና እቶም ሕጋዊን ቅዋማዊን መድረኽ እተነፈግና ገለ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፣ ናይ መመያየጢ ነጥብታት ርእይቶና ዚሓዘት ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ክንዝርግሓ ሓላፍነት ይስመዓና። ህዝቢ ኪፈልጦን ኣብ ውሳኔ ኣገዳስቲ ሃገራዊ ጉዳያት ተራ ክህልዎን ስለንኣምን፡ ነቲ ኣብ ዚተወሰኑ ጥራይ ዝተሓጽረ መድረኽ ዚዝረብ ዘሎ ኣርእስቲታት፣ ናብ ቅሉዕን ዘይሻራዉን መድረኽ ምድያዩ ኽንዝረበሉ ኢና ነውጽኦ ዘለና። ንሕና መን ኢና ብዘየገድስ፡ ከም ሃገራዊን እዋናዊን ኣገዳሲን ጉዳያት፡ ህዝቢ በብዝዓቕሙ መገዲ ኣንቢቡ ኪመያየጠሉን እናጸዋዕና፡ ንሓባራዊ መረዳእታ መገዲ ኪጸርግ ይኽእል እዩ ዚብል እምነት ኣሎና።

ኣብ ገምጋም ምግዓር ኩሉ ህሉው ሽግራት ምልላይ፡ ህዝቢ ብኹሉ ክፍሊታቱ ብዝሰፍሐ ተሳታፍነትን ዘሳስሉምባር፡ ንሕና በይንና ኪንገብሮ ዘይንኽእሎን ዘይንደልዮን ምዃኑ ከም እንኣምን፡ ከምቲ ኩሉ ሽግራት ንምልላይ ዘጋጥመና፡ ይትረፍ ናይ ኩሉ፡ ናይ ውሱን ሽግራት ውዱእ ፍታሕ ከቕርብ ኽእል ኢና ኢልናውን ከምዘይንኣምን ክፍለጥ ንፈቱ። ኣብዚ ንዝዘብና ክዚድ ሽግር ኣጋጢምዎ ዘሎ፡ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ እዋንን፡ ግዜን፡ ብንልባብ ስግኣታትን፡ ግዜኡ ኣይኣኽለን ብዝብል ምኽንያትን፡ ህዝቢ ከይማያየጥን ቅሉዕ ሃገራዊ ክትዓት ከይተዋደደን ክፉት መድረኽ ኣይተኸፍተሉን ኣሎ።
እዛ ወረቐትና እዚኣ ጽንቁቕ ገምጋማትን ውዱእ መልሲታትንዶ እንተዘይኣቕረበት፡ ብዉሑዱ፡ ነቲ ዕቑር ሃብታምን ተበጻሓትን ርእይቶታት ሓፋሽ ህዝቢ መመያየጢ ነጥቢታት ክምትገልግል ጌርና ንወስዳ።

ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኹ ፣ ናይ ልኡላዊት ሃገሩ ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል ይዳለው ስለዘሎ፡ ዝተፈላለየ ርእይቶታቱ ብናጻ ከቕርቦም፤ ንዝበዝሑ ኣእሚኑ ብብዝሒ ድምጺ እንፈቶ መጻኢ ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ከምዝቕየስ ክንዛረብ ዕድል ክረክብ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ዕላማ ጽሑፍና ከኣ ንስኡ ንሕዙ ምኽኢ ኩነታት ክፍጠር ምሕላንን እዩ።

ቀዳማይ ክፋል፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናጽነት እንታይ ተጸቢዩ?

1. ኩሉ መዳያዊ መንቅብርኡ ክመሓየሽ።
   ውርሻ መግዛእትን ድሕረትን ካብ ዝኾነ ካብ ኩቡር ጥሜት፣ ሕማምን ድንቁርናን ተገላጊሉ ክርህዎን ናብ ብልጽግና ገጹ ክዕመትን ተጸብዩ።
2. ቅሳነት ዝሰፈኖ ሂወት ክሕልፍ።
   ሓድነቱ ብዝያዳ ኣደልዲሉ፡ ሃገራዊ ድሕነቱ ተረጋጊጹ፡ ምስ ከባቢን ዓለምን ሰላምን ምርግጋእን ኣውሒሱ፡ ምትሕግጋዝ ክድንፍዕ።
3. ዲሞክራስን ፍትሕን ክሰፍን።
   ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝረጋገጸሉ፡ ጥዑይ ምሕደራ ዝሰፍነሉ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዚረጋገጸሉ ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን ዝዋሃሃሉ ስርዓት ክሰፍን።

ካልኣይ ክፋል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይርከብ?

ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ክዝረብ ከሎ፡ ውጽኢት ተመክሮ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናጽነትን ኣማቲ መጻኢ ብድሆታትን ዕማማትን ስለዝኾነ፡ ብዓይኒ ሕሉፍ ትጽቢታትን ህሉው ኩነታትን ብሓደ ወገን፡ ካብ ዝሓለፈ ተመክሮ ብዝረከብ ትምህርቲ፡ መጻኢ ብድሆታትን ዕማማትን ብኸመይ ብጽፈትን ኣድማዕነትን ክንፍጽሞ ከምዝከኣል ምንባድን መገዲ ምቕላስን ብኻልእ ወገን፡ ብዝተኣ ምምዝጋም ዝሓትት እዩ። ዓቕምናን ክንገብር ንኽእሎን ክንገብር ዘይንኽእሎን ኣብ ግምት ከኣቲ ስለዘለዎ ከኣ፡ ሓቀኛ ሚዛን ምውሳድ የድሊ። ሓቀኛ ሚዛን ገምጋም ከኣ እኹል ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ስለዝምርኮስ፡ ህዝቢ እኹል ሓበሬታ ክወንኘ ኣለዎ።

ህዝቢ ዝርዝር ገምጋም ዝሓለፈ 10 ዓመታት ክገብር ሓበሬታ ክረክብን ክፉትን ናጻን መድረኽ ምይይጥ ክኽፈተሉን ስለ ዘለዎ፡ ንሕና ኣብ ክንዲ ህዝቢ ክይና ገምጋም ክንገብር ኣይንደልን። ንምግምጋም ምቹእ ኩነታት ክፍጠር ጥራይ ክንጽዕር ንደሊ። ኣብ ገሊኡ ኣገደስትን መትከላውን ጉዳያት ግን ብዙተን ክትዕን ክሀብትም ዝኽእል ምኽኑ እናተቐበልና፡ ርእይቶና ክንገልጽ መድረኻዊ ሓላፍነት ይድረኸና። ቅድሚ ሕጂ ብስቕታና ዝተፈጥረ ጉድለት መታን ከይድገም ድማ ብውሑዱ ህዝቢ ነቒሑሉ መታን ብንብእ ክዋስኣሉ ሓሳባትና ክንገልጽ ንፈቱ።

ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ግዜ ናጽነት ብዙሕ ዝተፈጸመ ጽቡቕ ነገራት፡ ብፍላይ ኣብ ምውዳድ ትሕተ-ቅርጺ፡ እኳ እንተሃለወ፡ እቲ ናብኡ ዝወሃለ ጸጋታትን (ሰብኣዊ ይኹን ፋይናንሲያዊ) ዝወሰዶ ግዜን፡ ዝተኸተለ ኣገባብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝበለጸን ኣዋጻኢ ብዝኾነ መገድን ይ ተገሩ ተባሂሉ ክዝምገም፡ ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ኣይነበረን ተባሂሉ ብንቑፈታዊ ዓይኒ ክምዘንን ከድሊ ኢዩ። ግሉጽን ምትሕታት ብዘለዎን ዶ ኸ ተገሩ ብሉቱብ ከረእን ካብኡ ትምህርቲ ክወሰድ ዝግበእን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን ናጽነት ትጽቢት ንዘንበረሉ ምምሕያሽ መነባብሮን ቅሳነትንክ ኩሳብ ክንደይ ኣወፍዩን ኣበርኪቱን ተባሂሉ ክሕተት ኣገዳሲ ኢዩ።

እቲ ዝተፈጸመ ስርሓት ብግዕዙፍት ዜና ብቐጻሊ ብንውታን ስለዝግለጽ፡ ኣብቲ ድኽማትን ሃጊት ዘይተፈትሐ ዘሎ ጸገማትን ኣተኩርካ ምርኣይ ብዝያዳ ኣገዳሲ ይኸውን። ስለዚ፡ እቲ ዝርዝራዊ ገምጋም ንህዝቢ ንዲፍና፡ ምስትብሃል ኣብዘድልዮን ንምፍትሑ ክጸዓ ተሉ ኣብ ዘገድስ መዳያት ጥራይ ርእይቶና ክንህብ ክንፍትን ኢና።

ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ ንምሕዋይን ንምምሕያሽን ተፈቲኑ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፡ ሓደሓደ ናይ ኣተሓሕዛ ጸገማትን፡ ሰሚ ድሕሪ 10
ዓመታት ናይ ናጽነት፡ መነባብሮ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሕማቕ ኩነታት ወዲቑ፡ ውሕስነት መግቢ ተሳኢኑ፡ ብዙሕ ካብ ህዝብና ናብ ተመጽዋቲ ረድኤት ተቐይሩን ካብ ሕማማት ይሳቐን ኣሎ።

ማሕበራዊ ሽግራት ንምቕላል ሓያሉ ጻዕርታት ተገይሩ እንተኾነ፡

- ግዳይ መግዛእቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ናይ ዝኾኑ ስድራ ስውኣት፡ ስንኩላን፡ ዝተማዋሉ ተጋደልቲ፡ ካብ ስደት ተመሊሶቲ፡ ብመጠኑውን ኣብ ታሕታይ ደረጃ ዝርከቡ ዘይተማዋሉ ተጋደልትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ጸገማት ኣይተፈትሕን ጥራይ ዘይኮነ ማሕበራዊ ውሕስነት ዘረጋግጽ መጻኢ ስለዘይረአ ቅሳነት ከሊኡ ዘሎ ኢዩ።
- ልዕሊ 200ሽሕ መንእሰይ ብዘይ ደሞዝ ንነዊሕ እዋን ኣብ ምክልኻል ሃገር ተጸሚዱ ብምህላው፡ ኣብ ቁጠባ ሃገርን መነባብሮ ስድራታቱን ውራዱ ዘሎ ማህሰይቲን ዘይቅሳነትን ቀሊል ከምዘይኮነ፡ ቅልጡፍ ፍታሕ እንተዘይተረኺቡሉ፣ ሽግር ክፈጥር ምኽኑ ምግማት ኣየጸግምን።
- ደቀንስትዮ ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ብዙሕ ጸገም የጋንፈን ኣሎ።
- መንእሰያት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ወድኡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ምእታውን ዝተረፉ ስራሕ ናይ ምርካብን ዕድሎም ጸቢብ ኮይኑ ኣንጻትል ይኸኑ ኣለው።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ከም ኣብ ሓርነታዊ መድረኽ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናጽነት ብፍላይ ከኣ ኣብ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ፣ ሓድነቱን ተወፋይነቱን ኣመስኪሩ ኣሎ። ሓድነቱን ተወፋይነቱን ብዝያዳ እናደልደለን እናዓበየን ክኸይድ ግን ኩሉ ሸነኻዊ ብዙሕነቱ (ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ባህልን ልምድን፣ ብሄር፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስምዒታቱ) ክኽበር፣ ተሳታፍነቱን ምሻሪኹን ኣብ ሃገራዊ ውሳኔታትን ስልጣናትን ትካላትን ክንነብርን ስምዒታቱን ድሌታቱን ክሕሎ ኣገዳሲ ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ዝሓለፈ 10ዓመታት፣ ገለ ገለ ናይ መንግስቲ ኢድ ምትእትታው ኣብ ምሕደራ ኣብያተ ሃይማኖት፣ ናይ ቋንቋ ጸገምን ኣብ ቢሮክራሲያዊ ስራሓት መንግስቲ ንሱ ዝፈጠሮ ስምዒታትን፣ ናይ ኢድ ቋንቋ ኣስገዳድ ኣብ ንቡእ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝፈጠሮ ቅሬታታት፣ ኣብ ተኻረኽነት/ተሳታፍነት ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኣብ ሃገራዊ ትካላት ....ወዘተ ሕማቕ ስምዒታት ከፈጥሩ ስለ ዝኽእሉ፣ ብምዕኡን ብኢጋን እንተዘይተኣልዩም፣ ንሓድነት ህዝቢ ዝፍሕቕ ኩነታት ቀስ ብቐስ ከስዕብ ክምዝኽእሉ ክግመት ይከኣል።

ሃገራዊ ድሕነት ምርግጋጽን ምውሓስን ኣብ ንሓድሕድም ዝጸላለዉን ዝደጋገፉን ብዙሓት ረቛሒታት ይምርኮስ። ብቐንዱ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታትን ዓቕምን ይምርኮስ። ማለት ምክልኻልን ጸጥታን ኣብ ህዝብን ተሳትፎኡን ክምስረት ስለዘለዎ፣

- ውሽጣዊ ሓድነትን ስኒትን ሰላምን ተወፋይነትን ህዝቢ፣
- ግሉጽን ዲሞክራሲያዊን ምሕደራን ፍትሓዊ ስርዓትን፣
- ልዑል ሞያዊ ብቕዓት ዘለዎ ውቁይን ዘመናውን ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን፣
- ስግኣታት ኣብ ምንባይን (forecast) ኣቐዲምካ ኣብ ምብርዓን ንን ኣገዳሲ ተራ ዝጻወት ናይ ስለያን ትንታነን ትካላት፣
- ሓበሬታ ተጠቒሙ ብዝተዋሃሃደ መገዲ ንሃገራዊ ድሕነት ዘገድስ ውሳኔታት ዝወስድ ባይቶ ሃገራዊ ድሕነት ምህላው ይሓትት።

ውሽጣዊ ኩነታትን ዓቕምን ወሲኺ ደኣ እምበር፣ ሃገራዊ ድሕነት ንምውሓስ፣ ዓቕምኻን ሓደገኛነት ናይ ግዳም ስግኣታትን ኣብ ግምት ብምእታውን ንሃገራዊ ረብሓታት ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ ጥበብን፣ ናይ ከባቢን ዓለምን ኩነታት ብደቂቕ ምክትታልን ኣገዳሲቲ ምትዕርራያት ምግባርን የድሊ። ምስ ናይ ግዳም ሓይልታትን ሃገራትን ኣብ ሓድሕዳዊ ረብሓታትን ምግምጋም ሓባራዊ ስግኣታትን ዝግድስ ናይ ወጻኢ ማሳን ኣተሓሕዛን ምድፋእ፣ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን፣ ግጭት ንታእን ብሰላማዊ መገዲ ምፍታሕን ዲፕሎማሲ ምኽታል፣ ንሓባራዊ ድሕነት (collective security) ኣባል ዝኾኑዎን ኣህጉራውያን ውድባት ምሟንን ንኣህጉራዊ ሕጊታትን ውዕላትን ምኽባርን፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ኢድካ ዘይምእታውን ይሓትት።

ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ 10ዓመታት ተመኩሮ፣ ምስ ኩሎም ጎረባብትና ግጭትን ምስ ኢትዮጵያ ኩናትን ተፈጢሩ። ብዙሕ ኣስንቢናን ኣድሚዒናን። ሓፋሽ ህዝብናን ሓይሊታት ምክልኻልናን ብትብዓትን ጅግንነትን ዓቢ መስዋእቲ ከፊሎምን መኪቶምን ሃገር ኣድሒኖምዋ እንተኾኑ፣ ስግኣታት ኣብ ምንባይን(forecast) ኣቐዲምካ ተዳሊኻ ኣብ ምምካቶምን (ንምውጋዶም ኩኑ ኣብ ልዕልና ምስ ተገደዱ ኣብ ምፍጻሞም)፣ ልዑል ሞያዊ ብቕዓትን ዓቕሚን ዘለዎ ዘመናዊ ሓይሊታት ምክልኻልን ጸጥታን ኣብ ምምስራትን ብቑዕ ኣድማዒን ኣመራርሓ ኣብ ምሃብን፣ ዚተወሃሃደ ናይ ሃገራዊ ድሕነት መደብ ኣብ ምምጻእን ምዕዋቱን፣ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ዘመሓይሽን ሃገራዊ ድሕነትና ንምውሓስን ናይ ወጻኢ ምትሕግጋዝ ኣብ ምርካብን፣ ርእይ ደኻም ክምዝነበረ ይፍለጥ። ቅንዕ ኣተሓሕዛ እንተዘይረኺብም፣ ምስ ጎረባብትና ዘለዉ ጸገማት ናብ ጎንጺ ክምርሑ ክምዝኽእሉውን ኪግመት ይከኣል።

ኣብዚ ዝሓለፈ 10ዓመታት፣ ናይ መሰጋገሪ መንግስቲን መንግስታዊ መዋቕርን ንምምስራትን፣ ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ንምስግጋር ዘድሊ ባይታ ንምውዳድን ተፈቲኑ፧ እንተኾነ፣ ዘዕግብ ኣይኮነን።

ካብ ባህርይ ሓርነታዊ መድረኽ ወጺኡን ምስ ሲቪላውን መንግስታውን ኣከያይዳ ተሰማሚዑን ግዕቢኡን ኪትከል ዘነበሮ ምንግስታዊ መዋቕርን ኣሰራርሓን፣ ከምቲ ዘድለ ኣየተኣታተወን። መንግስታዊ ትካላት ናይ ኪኢላዊ ዓቕሚ ሕጽረትን ናይ ትካላዊ ኣሰራርሓ ድኽመትን ኣለዎም። ናይ መንግስቲን ግንባርን መጠማመትን(parallel) መተሃላለኽቲን መዋቕራት ተዘርጊሖም ኣብ ምድብላቕ ስራሓትን ኣብ ምትፍናንን ከምዚኣትው ስለዚተገብረ፣ ትካላትን ትካላዊ ኣሰራርሓታትን ከምዘይሕይሉ ኮይኑ።

ሓጋጊ፣ ፈጻሚን ፍራዲን ኣካላት ንሓድሕዶም ዚቆጻጸሩን ዚመዛዝኑን ኣይኮኑን። ኣብ ኣገደስቲን ተኣፈፍቲን ሃገራዊ ጉዳያት፣ ይትረፍ ህዝቢ፣ ሓጋግቲን ፈጸምቲን ኣካላትኳ ከምቲ ዘድለ ተሳቲፎ ኣብ ውሳነ ኣርዎም ኪብሃል ኣይከኣልን። ኣከያይዳ መንግስቲ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዚጎደሎ ነይሩ።

ምስ ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚ መንግስቲ፣ ህዝቢ በብዓዱን ከባቢኡን ዖታዊ ስርዓት ሕጉን ፍትሑን ተጠቒሙ ዋኒኑ ከመሓድር፣ ሽግራቱን ምስሕላባቱን ኪፈትሕ ኣብ ክንዲ ዚግደፍ፣ መንግስቲ ከሳብ ዚተሓተ ጽፍሒ ምምሕዳር ኢዱ ከእቱን ሽግምንቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኪጽዕንን ብምፍታኑ፣ ስርዓት ምምሕዳርን ፍትሒን ዘይስሉጥን መረረ ዘበዝሖን ኮይኑ፣ ተበግሶን ተሳትፎን ህዝቢ ከኣ ዕድል ከምዘይረኸበ ኮይኑ ኣሎ።

ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታት ዘድርት፣ ንምህናጽን ምድልዳልን ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዘሰንቅፍ ብዙሓት ተርእዮታትን ፍጻመታትን ተኸሲቶም ኢዮም። ዋኒት ሲቪላዊ ማሕበራት ኪምስረታ፣ ሕጊ ፕረስን ካልኦት ናይ መሰጋገሪ ሕጊታትን ብመሰረት ዘጸደቖ ቅዋም ኪመሓየሹ፣ ብሕታዊ ጋዜጣታትን ነቐፌታዊ ክትዓትን ከሳብዚ ቀረባ እዋን ኪነጥፉ፣ ኣይተፈቐደን። ዜጋታት መሰል ምንቅስቓስ ካዕን ናብን ኤርትራን ወጻእን ተነፊጎም ኣለው። ገለ ዜጋታት ንነዊሕ እዋን ተኣሲሮም ናብ ፍርዲ ዘይቀረቡ፣ ገለ ከኣ ኣብ ቀይዲ ከምዘለው እናተዘርበሉ ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ ኣለው።

ብሃገራዊ ምርጫ ተመሪጹ ዚምስረት ቅዋማዊ መንግስቲ፣ ሓላፍነታዊን መላሽን(responsive) ኮይኑ መታን ኪውለድ፣ ንድሌታት መሰጋገሪ መንግስቲ ንምውጋድ ዘኽእል ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ጭቡጥን ወድዓዊን ንምጋም ዚሓለፈ 10ዓመታት ጌና ኣይተገብረን። ህዝቢ እኹል ኣማራጺታት ንሃገራዊ ምርጫ ናይ ምርካብ መሰሉ ንኪሕሉ፣ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፈታት ጸዲቑ፣ ሰልፈታት፣ ህግደፍውን ከም ሰልፊ ወይ ሰልፈታት ተዋቒሩ ኪነጥፉን፣ ቅድሚ ሃገራዊ ምርጫ እኹል ግዚ ኪረኽቡ ከምዚኽእላን ኣይተገብረን ኣሎ። ዓብላልነት ህግደፍ ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሂወት እኹቲሙ፣ ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ዘመቻቸኢ ኩነታት ኣይተፈጥሩን ኣለው። ሕጊ ምርጫ ኣይጸደቐን፣ ዘይሻራዊት ኮሚሽን ምርጫ ከኣ ኣይቆመትን ኣላ።
ብሓፈሻ ኣዘራርባ፣
ንሃገራዊ ምርጫን ናጻን ርትዓዊን ንምምዛሩን ዘድሊ ምቅርራባት፣ ዋጊት ኣይተገብረን ኣሎ። በዚ ኣተሓሕዛ ከኣ ሓቀኛን ደሞክራሲያዊን ምስግጋር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ። በዚ ዚኸዶ ዘሎ ኣንፈት እንተተቐጺሉ፣ ኤርትራ፣ ስልጣን ናብ ህዝቢ ዘረከበ ደሞክራሲያዊ ቅዋማዊ ስርዓት ዘይኮነስ፣ ናይ ውሱናት ስልጣን ምብሓትን ምልኪን ዘርግእ ስርዓት ጥራይ እያ ኪትጽበ ትኽእል።

ሳልሳይ ክፋል፣ እንታይ ኪግበር ይኽእል?

ርእይቶታትና ኣብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲን ኣከራኸርቲ ክኾኑ ዝኽእሉን ጉዳያት ከሕጽርን፣ ብሓፈሻዊ መገዲ ክቐርብን፣ ዚፍትን ኢዩ።

1. ጉዳይ ሰላምን ውግእን ሃገራዊ ድሕነትን

ናይ 30 ዓመታት ሓርነታዊ ኩናትን ማክሰይቱን ከይኣኽላ፣ ኤርትራ፣ ኣብ እግሪ ተኸላን ድሮ ቅዋማዊ ስርዓት ትተኽለሉ መድረኽን፣ መበገሲኡ ብዘየገድስ፣ ምስ ጎረባብታ ሃገራት ኣብ ምስሕሓብን ምትፍናንን ከትኣቱን ኣብ ኩናት ከትጽመድን፣ ኣየድልያን ጥራይ ዘይኮነ ኣየዋጽኣንውን። ብኽልኣት ምትኽኻታኽን ናይ ፅንደራ ኣንፈትውን እንተሎ፣ ንዝኾነ ክፋእ ተኽእሎ ከይተዛመልካ፣ ንምርድዳእን ሰላማዊን ሕጋውን ፍታሕ ምድላእን እምነት ዘሕድር ምቹእ ሃዋሁ ምፍጣርን ከድሊ ኢዩ።

1.1 ምስ ኢትዮጵያ

ናይ ዶብ ሽግር ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ ጥራይ ኢዩ ክፍታሕ ዝኽእል።
ምስ ኢትዮጵያ ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሰላም ውዕል፣ ኩናት ከውግድን ሽግር ዶብ ብሕጋዊ መገዲ ክፈትሕን ዝኽእል ኢዩ። ናብኡ ንምብጻሕ ብግዚያውነት ተተግቢሩ ክጸንሕ ስምምዕ ዝተገብረሉ መሰጋገሪ ስርርዕ (Transtional arrangement)፣ ጸጥታት ኪጋየምን መሊኡ ብምሉእ ንክልቲኦም ወገናት ከየዕግብን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ ናይ ዶብ ኩምሽን ቈይሙ ስርሑ እንተጀሚሩን፣ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ተዋፊሩ ብምህላውን፣ ኑቲ ስትራተጂያዊ ዕላማ ምዕራፍ ሕቶ ዶብ ብሕጋዊ መገዲ ኣብ ሓደጋ ስለዘየውድቖን፣ ናይ መሰጋገሪ ስርርዕ ጸጥታት ብግዚ ፍታሕ ክርከበሉን ምጽማም (Tolerate) ክግበረሉን ስለዝኽእልን ስለዝምረጽን፣ ናብ ኩናት ዘምርሓሉ ምኽንያት የለን።

እቲ ካልእ ወገን ስምምዕ ክየሕስን ውዕል ክፍርስን እንድሕሪ ደልዩ፣ ንኪመጽእ ዝኽእል ኣሉታዊ ምዕባለ ንምግታእን ንምብርዓንን ቀዳምነት ክንህቦ ስለዘሎና፣ ማሕበረሰብ ዓለም ክምዝስቕሓሉን እምንታዊ ተራ ክምዝጸውትን ምግባር ከድልየና ኢዩ።

ሀልኽን ቅርሕንትን ዝደፍኣን ንሕና ወይ ንሶም ዝብል ኣረኣእያ መበገሲኡን ኩናት ፍታሕ ኣየምጽእን ጥራይ ዘይኮነ፣ ንክልቲኡ ህዝብታት ኣየርብሕን ኢዩውን። ብዓቢኡ ከኣ ክልቲኡ ህዝብታት ብጥምየት ተሳቒዮን ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ረድኤት ተጸባዪ ኮይኑን ኣብ ዘለውሉ እዋን ማሕበረሰብ ዓለም ንምውሳዕ ኩናት ብቕሊሉ ዝሕዞ ኣይክኸውንን ኢዩ። ሳዕቤኑ ከኣ ሃሳዪ ክኸውን ኢዩ።

ዝኾነ ይኹን ወጥርን ናይ ኩናት ሃዋሁውን ንምውጋድ፥
- ክልቲኡ መንግስታት፣ ወተሃደራዊ ሓይልታቱ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቕንስን (ክግደስ) ናይ ምክልኻል ወጻኢታቱ ክጉድልን
- ክሊቲኡ ህዝብታት ብደረጃታቱ ወጥሪ ንምፍኳስ ዝሕግዝ ናይ ምትእምማን ሃዋሁ ዝፈጥር ስጉምትታት ክወስዱ ዝኽእል ዕድል ክወሃብ
- ኣብ ምስርሕ ትግባረ ግዚያዊ ስርርዕ ንዝረአ ጸገማት ፍታሓት መታን ክርከበሉ፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ልኡኽን፣ ክልተኣተን መንግስታትን፣ ቀጻልን ዝርዝርን ሓበሬታታት ንህዝቢ ክቐርብን፣ ኣብቲ ጉዳይ፣ ብፍላይ ብቐጥታ ንዝምልከቶምን ዝጸልዎምን ናይ ከባቢ ዶባት ህዝቢ፣ ንኪዋስኡ ዕድል ክወሃብ፣ የድሊ።

## 1.2 ምስ ሱዳን

ሽግር ሱዳን ብሱዳናውያን ጥራይ፣ ሽግር ኤርትራ ከኣ ብኤርትራውያን ጥራይ ክፍታሕ ስለዝከኣልን ስለዝለዎን፣ ኣብ ነብስ ወከፍ ሃገር ከምስረት ብዛዕባ ዘለዎ ዓይነት ፖለቲካዊ ስርዓት ኑቲ ካልእ ዝምልከቶ ስለዘይኮነን ብሓባር ብሰላም ምንባር ስለዝከኣልን፣ ቅድሚ ሕጂ ዝተፈተኑ ሽርሒታትን ጎንጻዊ መገድን ፍታሕ ስለዘየምጽኣን ከምጽእ ስለዘይክእልን፣ ኣብ ነብሲ ወከፍ ሃገር ዲሞክራሲያዊ ለውጥታት ክመጽእ ንናይ ክልቲኡ ህዝብታት ረብሓ ይኸውንምበር፣ ሓደ ወገን ኑቲ ካልእ ወገን ብሓይሊ ክንድድ ስለዘይክእልን ስለዘይግባእን፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሓድሕድ ጣልቃ ምእታው ክሱሩ የብሉን። ሓደ ሃገር ኑቲ ካልእ፣ መበገሲ ሽርሓውን ጎንጽውን ስርሒታት ክኾውን የብሉን። ኣብ ከባቢ ዶብ ዝኾኑ ደኹን ሽግር ይረኢ፣ ብልዝብን ብሰላማዊ መገድን ክፍታሕ እምበር ናብ ውግእ ከምርሕ ኣይግባእን፣ ኣየዋጽእን ከኣ። ብንጹሩ ምትእምማን ዝፈጥርን ምትሕግጋዝ ዘማዕብልን ፖሊሲን ስጉምቲታትን ምኽታልን ምውሳድን የድሊ።

- ክልቲኡ መንግስታት ሓይልታት ምከልኻሉ ካብ ዶብ ክርሕቕ፣
- ክልቲኡ መንግስታት ናይ ህዝብን ንግድን ናጻ ምንቅስቓሳት ኣብ ዶባት ክፍቅድ፣
- ክልቲኡ መንግስታት ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዝ ክዕዝዝን ክደንፍዕን ክሰርሕ፣
- ኤርትራ ብድሌት ኩሉም ሓይልታት ሱዳን ኣጠቓላሊ ሰላማዊ ፍታሕ ሽግር ሱዳን ንኽመጽእ ሃናጽን ኣዎንታዊን ተራ ክትጻወት፣

## 1.3 ምስ የመን

ዘሰሓሕብ ዘንበረ ጉዳይ ደሴታትን ማያዊ ክሊ ዶብን ብሕጋዊ መገዲ ተዛዚሙን ክልቲኡ ወገን ተቐቢሉ ክተግብሮ ተሰማሚዑን ስለዝኾነ፣ ኣብ ባሕሪ ናይ ገፊፍቲ ዓሳ ሓደ ሓደ ጸገማት ኪጋጥም ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ ብቐሊሉ ብልዝብ ክፍታሕ ስለዝኽእል፣ ኣብ ከንዲ ንድሕሪት ንቅድሚት ብምቁማት ናይ ቅድም በሰላ ዝሓውየሉን፣ ምትሕግጋዝ ዝድንፍዓሉን ኩነታት ንምፍጣር ክጽዓር ኣለዎ።

## 1.4 ሓፈሻዊ

ኣብ እግሪ ተኸላ ልኡላዊት ኤርትራ ብበንኪ ግምቲታትን ኩናትን ብዙሕ ተኻሲሩን ዕድል ጠፊኡዋን ኢዩ። ሃገራዊ ድሕነት መታን ክተረጋገጽን ክተውሕስን፣ ብጅካ ወቶደን ብቑዑን ክኢላዊን (Professional) ዘመናዊ ሓይሊ ምኽልኻል ምምስራትን፣ ዕቑር ድሉው ሓይሊ ህዝቢ ምቕራብን፣ ግጭት ዘወግድን ሰላማዊ ፍታሕ ዘምጽእን ዲፕሎማሲ ምኽታልን፣ ስግኢታት ኣብ ምትዓልን ምእላይን ተራ ኣብ ዝህልዎ ስምምዓት ምጽንባርን ብመገዲ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ንሰላም ምድፋእንውን ይሓትት። ናይ ምትሕግጋዝ ጉታኢ ተራ ንምጭት ከኣ ብዝለዓለ ክምዘመዝ የድሊ።

ሰራዊት ምከልኻል ወቶደን ክኢላዊን ሃገራውን ክኾውን ስለዘለዎ፣ ንቕዋም ዝምእዘዝ፣ ኣብ ፖለቲካ ገለልተኛ ዝኾነ፣ ኢቃውማ ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ኣብ ወለንታ ክምርኮሶ ስለዘለዎ ከኣ፣ ብደሞዝን ብዕብየት ኣብ ስራሕን ዘተባብዕ ኣተሓሕዛ ክህልዎ የድሊ። ወፈራዊ ስራሓቱ ግሉጽነት፣ ተሓታትነትን ኣድማዒነትን ክህልዎ የድሊ።

ኣገዳስነትን ኣድላይነትን መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ርዱእ ኮይኑ፣ ኣብ ኣተሓሕዝኡን ወፈራዊ ስራሓቱን ጽቶፍ ውጥንን ኣድማዒ ኣጠቓቕማ ዓቕሚ ሰብን ዝኸተል ምምሕዳር ክድሊ ኢዩ።

ኣሽታት 200ሽሕ ዝኾኑ ኣብ ውተሃደራዊ ማሕበራት ዝርከቡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ተጣይሰም ነርም ዝኸተቱ ተጋደልትን፣ ኣብ ውሽጢ ዓመትን መንፍቕን ኽኮማሽሱ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ዓመትዚ ወጺኡ ዝበረ መደብ ክሳብ ሕጂ ከይተተግበረ ምኽንያቱ ምኽሩይን ቅቡልን ኣይኮነን። ንዝኾነ ኪጋጥም ዝኽእል ሃገር ናይ ምክልኻል ጸወታ፣ ህጹጽ ምኽታት ክማበረሉ ዝኽእል ኣገባብ ክዋደድ ስለዝኽእል፣ ኩቲቱ ዘሎ ዓቕሚ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሽግር ስድራታትን ቁጠባ ሃገርን ንምሕዋይ ቀልጢፉ ክማሽስ የድሊ።

ኣብ ውተሃደራዊ ኣገልግሎት ተዋፊረን ዘለዋ ደቀንስትዮ፣ ብዙሕ ጸገማት የጋንፈን ህዝቢ የሰምዝመሉን ስለዘሎ፣ ንግዚኡ ኣብ ውተሃደራዊ ኣገልግሎት ምውፋረን ደው ኢሉ ክጸንሕን፣ ንሓዋሩ ብኸመይ ክተሓዝ ከምዘለዎ፣ ህዝቢ ተመያየጡ ርእይቶ ክህበሉን።

ዝምድናና ምስ ጐረባብትና ኣዝዩ ኣገዳሲን ተነቃፍን፣ ናይ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተመኩሮና ስምባራት ከኣ ተመዝግዚን ስለዝኾነ፣ ነዚ ጉዳያትዚ ብትኳሳዊ መገዲ ዝኪታተልን፣ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ ንሃገራዊ ባይቶ ተሓታትን ዝኾነ ኣካል ኪሕዞ የድሊ።

ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሓድሕድ ጣልቃ ናይ ምእታውን፣ ተቓወምቲ ሓይልታት ደጊፍካ ብጎንጽ ስርዓት ንምቕያር ናይ ምፍታንን ዝውሰድ ዝነበረ ፖሊሲታትን ተግባራትን ነዚ ከባቢ ሰላምን ምርግጋእን ከሊኡ ኣብ ቀጸሊ ሀውከትን ኩናትን ጠቢሰዎ ይርከብ። እዚ ከባቢ ሰላም፣ ምርግጋእን ብልጽግናን ክጎናጸፍ እንተኾይኑ፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልእ ጣልቃ ምእታው፣ ተቓወምቲ ሓይልታት ደጊፍካ ብጎንጽ መንግስቲ ክትቅይር ምፍታን፣ ኣብቂዑ፣ ንጽቡቕ ጉርብትናን ብሰላም ብሓባር ንምንባርን፣ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ንምዕባይን ምስራሕ ከድሊ ኢዩ።

ምስ ጐረባብቲና ሃገራት ናብ ልርቅን ብሓባር ብሰላም ኣብ መንባርን ክንጽዕርን፣ ዝምድናታት ናብ ንቡር ተመሊሱ ንረብሓ ህዝብታት ናብ ምትሕግጋዝ ዝድፍእሉ ኩነታት ምምዕዳውን ከድሊ ኢዩ። ነዚ ከኣ መተኣማመኒ ጭቡጥ ስጉምትታት ምውሳድ የድሊ።

## 2 ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት

ቁጠባና ንምሕዋይ፣ ማሕበራዊ ሽግራትና ንምቕላል፣ ግዳያት ኩናት ናይ ዝኾኑ ስድራ ስውኣት፣ ስንኩላን፣ ዝተመዛበሉ፣ ዝተማረኹን ዝተወጽዑ ክፍልታት ሕብረተሰብናን ንምጥያስን፣ ሃገር ናይ ምክልኻል ዓቕምና ንምሕያልን፣ ህዝብና ሰላም ረኺቡ ናብ ተሃድሶን ዳግመ ግቱኣን መደባት ክሰክር የድሊ።

ናይ ተሃድሶን ዳግመ ግቱኣን መደባት ብብቕዓት ተሰላሲሎም ንህጹጽ ኩነታትና ብእድማዕት መታን ክንጥቀም፣ ብጀካ ሰላም ምስፋንን ኩሉ ዓቕምና ናብ ቁጠባ ምውፋርን፣

- ውሽጣዊ ዓቕምን ኣወዳድባን ክጸናናን ክሕይልን፣
- ሲቪላውያን ማሕበራትን ሃገራውያን ዘይመንግስታዊ ውድባትን ክዕግን ክተባብዓን፣
- ኣብ ቁጠባ፣ ግዳዊ ተበግሶን ውድድርን፣ ናጻ ዕዳጋን ናጻ ዋጋን ክተባባዕ
- ሕቶ መሬት ዓቢ ቅልውላው ፈጢሩ ስለዘሎ ህዝቢ ርእይቶታት ሂቡሉ ብኪኢላታት ተጸኒዑ ህጹጽ ፍታሕ ክማበረሉ፣
- ናይ ማሕበራዊ ውሕስነትን ናይ ጥሮታን ሕግን መደብን ወጺኡ ብዝቐልጠፈ ክትግበር፣

- ናይ ዜጋታት ካብን ናብን ኤርትራን ወጻእን ናይ ምንቅስቓስ መሰል ክኸበር፣
- ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክኣትው ንዘይከኣሉ ተማሃሮ ሞያዊ ስልጠናታት ክወሃቦም፣ ንዖኦም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንዘለውን ናይ ወጻኢ ናይ ማዕደ ትምህርቲ ስራሕ ዕድል ክኸፈተሎም፣
- ናይ ተማሃሮ መደብ ክረምታዊ ማእቶት ኣፍራይን ኣድማዕ ን ስለዘይኮነ ክግምገም፣
- ብዘይ ፍርዲ ንነዊሕ ዝተኣሰሩን ተቐይዶም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠን ዜጋታት ኣብ ፍርዲ ክቐርቡ ወይ ናጻ ክለቐቑ፣ ስንምቲ ዝተወሰደሎም እንተለው ክኣ ቤተሰቦም ክሕበሩ፣
- ናይ ትሕቲ ዝኣትዋቶም ዜጋታት ናይ መምበሪ ኣባይትን ዋጋ ክራይን ሽግራት ንምቅላል፣ ፍሉይ ኣካል ቀይሙ፣ ብደገፍ ናይ ግዳም ትካላትን መንግስታትን ናይ ትሕቲ ዝዋግኡ ኣባይቲ ምስራሕ መደብ ክተኣዝዝ፣
- ናይ ውሽጣውን ግዳማውን ጸጋታትን ሃብትታትን ቅኑዕን ርትዓውን ኣድማዕን ኣጠቓቕማ መታን ክውሃስ፣ ዘገድሶም ትካላትን ቅኑዓትን ኣሳተፍትን ቅጥዕታትን ብምውጻእ፣ ብዝገራዊ ባይቶ ዝጸድቕ ሃገራዊ ባጀትን ናይ ልምዓት መደባትን ክወጽእ፣
- ናይ ግዳም ደገፍ ብዝለዓለ ደረጃ ንምኽሳብ ሓባራዊ ረብሓ ናትናን ናይ መሻርኽቲን ዝሕሉን ዘቐድምን ሜላ ክድፈኣሉ ክድሊ ኢዩ።

ጥዑይ ውድድር ኣብ መትከላት ዕዳጋ ንምርግጋጽን፣ ውሽጣውን ግዳማውን ግላዊ ክፋል ንምትብባዕን፣ ዓብላልነት ህግደፍ ኣብ ቁጠባ ሃገር ክምዝብቀዕ ምግባር።

ገንዘብን ንብረትን ህግደፍ ናይ ኩሉ ዝተቓለሰ ህዝቢ ንብረት ስለዝኾነን፣ ኣብ መዓላ ግዳያት ኲናት ዝኾኑ፣ ስድራስውኣት፣ ስንኩላን፣ ጥዑሳትን፣ ካብ
ምምዝባልን ስደትን ተመለስትን፣ ክውዕል ፍትሓዊ ስለዝኾነን ስለዝግባእን፣ ፊናንሳዊ ምጽብጻብ ተገሪሉን ካብ ህግደፍ ወጻኢ ናጻ ዝኾነን ብክኢላዊ ዓቕሚ ዝመሓደርን ሓደ ማሕበር (ትረስት) ቀይሙሉ፣ ኣብ ስራሕ ብኣፍራይ ኣገባብ ክቐፈር ክድሊ ኢዩ። ኣብ መድረኽ ቅዋማዊ ስርዓት፣ ህግደፍ ከም ፖለቲካዊ ሰልፊ ወይ ሰልፍታት ክዋሳእ እንተደልዩ፣ ካብ ቢዝነስ(ቁጠባዊ ንጥፈት) ክወጽእ ስለዘለዎ፣ እቲ ማዕ ከን(ትረስት) ናጻ ኮይኑ ክቐውም ናይ ግድን ይኸውን።

3. ጥዑይ ምሕደራ

ኣብ ተመኩሮ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፣ ኣብ ቢሮክራሲያዊ ስራሓት መንግስትን ናይ ኣደ ቋንቋ ምስግዳድ ኣብ ገሊኡ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርትን ጸገም ክፍጠር ስለዝጸንሓን፣ ናይ ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ምጥቃም ብዝያዳ ክሽግር ስለዝኾነን፦

- ወግዓዊ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ምውሳን ኣገዳሲ ይኸውን፣
- ናይ ህዝቢ ሰምዒታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ ትግርኛን ዓረብን ክኾና ኣለወን ዝብል ርእይቶ ኣሎና፣
- ህዝቢ ግን፣ ነዚ ሕቶዚ ክመያየጠሉን ክውስኖን ኣለዎ ንብል፣
- ኣብ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ኣደ ቋንቋ ምስግዳድ ክተርፍ፣
- ዝኾነ ይኹን ዜጋ ቋንቋኡ ናይ ምጥቃም መሰሉ ግን ሕሉው ይኸውን።

ብዙሓ ናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ጸገማት ንምፍታሕን፡ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ስለዘለዎን፡ ብመንግስቲ ዝግበር ሕርያ ተሪፉ፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ምምሕዳር ካብ ደረጃ ዓድን ክዛብን፡ ህዝቢ ኣማሓደርቱ ክመርጽ።

4. ቅዋማዊ መንግስትን ዘድልዮ ምቅርራባትን

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ልኡላዊት ሃገር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት (ምትሕልላፍ ስልጣን ናብ ህዝቢ) ትሰጋገር ስለዘላን፡ ናይ 10ዓመታት ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ መድረኽ ተሓሊፉ ስለዝኾነን፡ ንድሕሪ ሕጂ ጸገማት ዝፈጥር'ውን ክኸውን ስለዘይብሉን፡ እዚ ምስግጋር እዚ ሓቀኛ፡ ደሞክራሲያውን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘሳትፍን መታን ክኸውን፡ ብህግደፍ ዘይዕብለልን ሓባራዊ መረዳእታን ዕግበትን ዝህልዎን ክኸውን የድሊ።

መንግስቲ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦምን ንመንግስትን ህግደፍን ከድግፉ ይጽንሑን ኣይጽንሑን፡ ብዘየገድስ፡ ልኡላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ኣሚኖም፡ ንቅዋም (ኣብኡ ዕቃብታት እንተልዮምም ብሕጋዊ መገዲ ንምምሕያሹ ዕድል ክምዘሎ ተረዲኦም) ተቐቢሎም ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ክዋስኡ ቅሩባት ንዝኾኑ ኩሎም ኤርትራውያን ዜጋታት ክጽውዕ የድሊ።

ደገፍትን ተቓወምትን ህግደፍ ዝኾኑ ዜጋታት፡ ንሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ንሕጊ ምርጫን ክመያየጥሉን ርእይቶታቶም ክህቡሉን፡ ብመሰረት ድሕሪ ሕጂ ዝጸድቑ ሕግታት ድማ፡ ፖለቲካዊ ሰልፊ ናይ ምምስራትን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ተሳቲፎም ንሃገራውን ዞባውን ባይቶታት ናይ ክመርጹን ክምረጹን መሰሎም ክሕለወሎም የድሊ። ቅድሚ ሃገራዊ ምርጫ ምክያዱ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ንክጥየሱ ምቹእ ኩነታት ክፍጠረሎም የድሊ።

ሃገራዊ ምርጫ ናጻን ርትዓውን መታን ክኸውን፡ ናይ መላእ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽን ዘዕግብን ክኸውን፡ ደገፍን ተቓዋምን ብዝሰማማዕሉ ናይ ውድድር ሕጊ ክፍጸም፡ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ቀይድታት ዘይብዝሖ ክኸውን፡ ሕጊ ምርጫ ድማ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ብናይ ሓባራዊ መረዳእታ (consensus) ክጸድቕ ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ክኽበር፡ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክፈርስ፡ ሕጊ ፕረስ ብመንፈስ ቅዋም ክመሓየሽ፡ ናጽነት ፍርዳዊ ኣካልን መራኸቢ ብዙሓንን ክሕሎ፡ ኮሚሽን ምርጫ ናጻን ዘይ ሻራዊትን ኮይና ክትቀውም፡ ብህዝቢ እተመርጸ ኣካላትን፡ ሃገራውያን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዕዱማት ወጻእተኛታትን ንሃገራዊ ምርጫ ብሓባር ክዕዘቡ፡ ከም ዝኾውን ክግበር ያድሊ። ነዚ ኹሉ ንምትግባር ዘድሊ ግዜ ከኣ ብዝግባእ ሰሌዳ ተሓንጺጹ ክትግበር ይግባእ።

## መደምደምታ

ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳስን ተኣፋፍን መድረኽ ኢያ ትርከብ። እዚ መድረኽዚ ኣገዳሲ ቀለቤት ኣብ ዋንጉ ናይ ዝሓለፈ መሰጋገሪ እዋን ሕሉፍ ተመኩሮን፡ መላእ ህዝቢ ኣቓሚቱ ዘማዕድዎ ዘሎ ቅዋማዊ መጻኢን ኢዩ። ኣብዚ እዋን እዚኣ ዝሀሉ ኣተሓሕዛ ናይ ጉዳያት ከኣ፡ ቅኑዕ ምስግጋር ናብ ራህዋ ዘበስር ስርዓት፡ ወይ ከኣ ግጉይ ምንሽርታት ናብ ርግኣትን ፍትሕን ዝዕንቅጽ ኩነታት፡ ዘምርሕ፡ ወሳኒን ፈታንን መስርሕ ክኸውን ኢዩ።

ኣብ ንምጋም ዝሓለፈ ተመኩሮ፡ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ክሀሉ ባህርያዊ ክምዝኾነ መጠን፡ ኣብ ድሌታትን ሃንቀውታታትን መጻኢ'ውን ፍልልያት ክሀሉ ትጽቢት ክግበረሉን ምጽውዋር ክሀሉን ዝሓትት ኢዩ።
ንሕሉፍ ተመኩሮ ብወድዓዊ መንገዲ ኣብ ምግምጋም፡ ካብ ኣወንታዊ መዳያት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዝያዳ እኳ ድኣ ካብ ኣሉታዊ መዳያት ብዙሕ ትምህርቲ ስለዝቕስም፡ ህዝቢ ብኽፉት ክመያየጠሉን ርእይቶታቱ ዝገልጸሉን ክኸውን ኣገዳሲ ኢዩ።

ዝተፈላለየ ናይ መጻኢ ድሌታትን ሃንቀውታታትን ምህላው፡ ንናይ ህዝቢ ናይ ኣማራጺታት ዕድል የግፋሕን የስፋሕን እምበር፡ ናይ ግድን ናብ ምግምማዕን ህውከትን የናዲት ማለት ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ብናጻን ርትዓውን መንገዲ ድሌቱ ክመርጽ ዕድል ክወሃቦ ስለዘለዎ፡ ድሌትን ውሳኔን ህዝቢ ክኽበር ኣለዎ ማለት ኢዩ።

ህዝቢ ሰላም ረኺቡ፡ ዝተፈላለየ ኣራኣእያታትውን እንተሎ፡ ከም ውትሩ ሓድነቱን ልኡላውነት ሃገሩን ሓልዩን ኣትሪሩን፡ ንቡር ሂወቱ ክሰርዕን፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማቱ ንምፍታሕ ዝሕግዞ ምቹእ ሃዋሁ ዝፈጥረሉን ቅዋማዊ ስርዓትን ጥዑይን ፍትሓውን ምሕደራን ክተክል ይደሊ።

ሰላም፡ ምእንቲ ሰላም ሰሪሕካን ከም ብሌን ዓይንኻ ሓብሒብካን እምበር፡ ብዋዛ ኣይትርከብን። ሓድነት ህዝቢ፡ ኣብ ድሌት፡ ማዕርነት፡ ተሳታፍነትን ምሽራኽን ይድልድል እምበር፡ ብጭርሖ፡ ብምጭዳር፡ ብምንብዓዕን ብስልበጣን፡ ኣይመጽእን። ልኡላውነት ሃገር ዝሕሎን ኣድማዒ ዝኸውንን፡ ኣብ ፍቕሪ ሃገርን ዕዝበት ምሕደራን ተወፋይነት ዝድርኾ ፍትሕን እምበር፡ በስገዳድን፡ እምነትን ተገዳስነትን ብዘሳኽዎ ኣገባብን ኣይኮውንን። ህዝቢ ንነዊሕ ግዜ ጥሜትን ሽግርን ክጻወር ይኽእል። ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን ተነፊጉ ግን፡ ንነዊሕ ክጽመም ኣይክእልን። ምኽንያቱ፡ ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን እንተዘይሃልዩ፡ ካብ ጥሜት፡ ሕማም፡ ድኽነት፡ ድንቁርናን ውግእን ክገላገል ከምዘይክእል ስለዝፈልጥ።